ኣገዳሲ ሕቶታት ዝልዓለ ምስዋቲ
መልሲ

ኣብ ዝሓልፈ ዓመት 2004 መዓልቲ ስውኣት እዚ ዝስዕብ ሓቶታት ኣቕሪብ ኔረ። ካብ ብዙሓት ውን መልሲ ረኺብ ኔረ፣ ካብ ብዙሓት ውን መልሲ መጺኡኒ እዩ። ብዚ ኣጋጣሚ እዚ ነቶም መልሲ ዝለኣኽሙልይ ምስጋናይ የቕርብ።
ነዘን ሕቶታት በብዓነቱ መልሲ እዩ መጺእኒ። ግሊኡ ብኣወንታ ገሊኡ ብ’ኣሉታ ዝግለጽ እምባኣር፣ እዘን ሕቶታት እዚእን ኩሉ ጊዜ ካብ ሓንጎልና ዘይወጻ ነበርቲ ሕቶታት እየን። ሓደ ካብቲ ብቓልሲ ክምለስ ዝለዎ እዩ። ግቡእ መልሰን ዝረኽባ/ታ ኻኣ እዚ ክኾወን ዝገበረ ዲክታተሪያዊ ስርዓት ኣልጊሱ ሕግን ፍትሕን ዝነገሳ ኤርትራ ምስ ንሃንጽ እዩ። እታ ናይ መጭረሽታ ሕቶ እዞም ኣብ ስእሊ እትሪእይዎም ዘለኹም ጀጋኑ ስወአት ትፈልጥዎም’ዶ ? መን ይባሃሉ ዝብል ንግዝይኡ ስሞም ጥራሕ ክሕብረኩም እየ። መብዛሕተኽም መልሲ ዝሃብኩም ብጀካ ብ’ኽፋል ንኹሎም ዝፈለጠም ኣይረኽብኩን። እሞ ስሞምን ሰእሎምን እነሆ።


እዚ ትርእየዎ ዘሎኹም ጅግና፣ስውእ ተወልድመድህን ግ/ሚካኤል እዩ። ኣብ ደንካልያ ዝነብረ ተጋዳላይ እዩ፣ መስዋእቲ ናይ ተወልድመድህን ምስ ተሰምዐ ዘይንበዐ ኣይነብረን፣ ተወልደመድህን ተዋጊኡ ዘዋግእ፣ ብጣሚ ምዑት ጅግና እዩ ዝነብረ።ተወልድምድህን ብተወሳኺ ጸወታ ዝፈቱ ምስ ኩሎም ተጋደልቲ ከም ምራሒ ጥራይ ዝይኮነስ ከም ማሓዞእም ክቃልስን ክጻወትን ስለዝሪዎ መስዋቱ መሪር እዩ ኔሩ። ተወልድመድህን ካብ ተራ  ተጋዳላይ ናብ ናይ በርገድ 64 ናይ ጸጥታ ሓላፊ ኮይኑ ዝተጋደለ እዩ።
ስውእ ተወልደመድህን ምስ ሓደ ብጻዩ ንስራሕ እንዳተንቃሳቀሱ ዓፈንቲ ናይ ህ.ግ. ኣብ ከባቢ ኢራፋለ ኣድቢዮም ብምጽናሕ በታ ዘይትምሕር ጥይት ቀቲሎሞ። እቶም ናይ ቅትለት መራሕቲ ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ. ነቶም ብሉጻት ንመጻኢ ወን

ይስጉኡና እዮም ዝበልዎም ምዐታት ካድራት ተ.ሓ.ኤ. በብሓደ ቀንጺሎሞም እዮም።



እዚ ትርእየዎ ዘሎኹም ጅግና፣ስውእ ስዒድ ሳልሕ እዩ። ኣብ ከበሳ ኮነ ኣብ መታሕት ንስዒድ ሳልሕ ዘይፍልጦ ይሎን፣ ንስዒድ ሳልሕ ክዝከር ከለኹ ንብዓት እንዳመጽኒ ኢየ ዝጽሕፍ ዘለኹ። ስዒድ ምእንቲ ህዝቢ ካብታ ክጋደል ዝወጸላ ምዓልቲ ክሳብ ዕልት መስዋቱ ዘርዚርካ ዝይወዳእ ቅያ ዝሰረሐ ተባዕ ተጋድላይ እዩ። ስዒድ ሳልሕ ካብ ተራ ተጋዳላይ ክሳብ መራሒ በርገድ 77 ኮይኑ ተዋጊኡ ዘዋግኤ እዩ። ካብ ወሽጢ ከተማታት ደቅምሓረ ኮነ መንደፈራ ኣቁርደት ኣቲዩ ዓበይቲ ዓወታት ዘመዝገበ መራሒ እዩ። ስዒድ ሳልሕ ውን ብፍላይ ብወታሃድራዊ ክእልቱ ተባዕን ቆራጽን መራሒ ምኻኑ ስለዝፈልጡ እቶም ናይ ቅትለት ጉጅለ ናይ ህ.ግ. ኣብ ከሰላ ጸልማት ተጎልቢቦም ናብ ገዙኡ እንዳ ኣትወ ድፍን ኣብልዎ። ነዚ ዝስመዐ ህዝብን ተጋዳላይን ተ.ሓ.ኤ. መሪር ሓዘን ተስሚዑና ክትክሉ ዘይኽሉ ብጾት ጠፊኦም እሞኻኣ ብኤርትራዊያን ኣሕዋቶም ክልተ ሞት እዩ። ሓንቲ መዓልቲ ነዚ ዝገበሩ ኣብ ፍርዲ ዝቕርቡሉ ሩሕቕ ኣይኮነን።



እዚ ትርእየዎ ዘሎኹም ስውእ፣ ጀግና ሃብተስላሴ ገ/መድህን እዩ። ስውእ ሃብተስላሴ ገ/መድህን ጌና ተማሃራይ እንከሎ ስሩዕ ናይ ሰውራ ኮይኑ አደናቂ ስርሒታት ዝሰርሐ እዩ። ንሜዳ ወጺኡ ውን ካብ ተራ ተጋዳላይ ክሳብ አባል መሪሕነት ኮይኑ ተቓሊሱ። ሃብተስላሴ ነዚ እንኮ ገባርን፣ ሓዳግን ኮእኑ ዘሎ መላኺ እሳያስ ኣፎወርቂ ናይ ቀረባ ዓርኩ ዝነበረን መራሒ ንክኾውን ካብ ዝገብሩን ሓድ እዩ። ንመጀመርያ ምስ ኣመሪካዊያን ተሳማሚዮም

ኣብ ቃኞው ኣትዩ ምስጢራዊ ስምምዕ ድሕሪ ምፍጻሙ ንኻልኣይ ጊዜ ምስ ኢሰያስ ኣፍውርቂ ኣትዩ ክሳብ ሕጂ ንህዝቢ ብሩህ ዝይኮነ ሓገዛትን ውዑላትን ዝረኸበ በሊሕ ትኩር ተጋዳላይ እዩ ዝነብረ። ኢሳያስ ንሓቂ ዝዛረቡ ንፉዓት ዝወዳደርዎ ደፋርትን በላሕትን ስለዝጸልእ ዱጉል መንካዕ ኢሉ ዝጥፎ ሓደ እዩ። እዚ ቅንዲ ብጻዩ ዝነበረ ኢሳያስ ኣፎወርቂ፣ ገዛ ስውእ ሃብተስላሴ ክበጽሕ ይትርፍ፣ ጠላምን ቀንጻልን ስለዝኮነ፣ ንስድራ ስውእ ሃብተስላሴ ክም ሃገሮም ውን መስዋእቲ ወዱም ክነግሮም ኣይካልን።



እዛ ትርእይዋ ዘልኹም ስወእቲ፣ ጅግና ሳባ ግደይ እያ። ሳባ ኣብ ትምህርቲ ብልጽቲ ስለዝነበረት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ካብ ሃይለስላሴ ሽልማት ዝትቅበልት እያ። ካብቶም ውሕዳት ናይ ቓንቓ ፈረንሳ (French) ዘጽኑዑ መምህር ናይ ፈረንሳ ኮይና ኣብ ኤርትራ ተመዲባ ኔራ። ምረትን ስቓይን ህዝቢ ስለዘስተውዓለት ግን ነዚ ጠንጢና ንሜዳ ተሰለፈት። ኣብ ሜዳ ክም ካድር ክ/ህዝቢ ኮይና ንደቂ ኣንስትዮ ደቀምሓረን ከባቢኣን ድሓር ካኣ ካርነሽም ዝወደብትን ዘነቓቐሐትን፣ ፍትውቲ ጅግና እያ ኔራ። ህዝቢ ደቀምሓረ ህዝቢ ካርነሽምን ንሳባ መራሒት ኮይና ኣስመራ ክትኣቱ እንዳተጸበያ መስዋእታ ምስ ሰምዑ ኣምሪሮም ሓዚኖም እዩም። ተጋዳሊት ሳባ ግድይ ኣብ ውግእ ናይ ባጽዕ ክምዝተስወት፣ ስውኣት ክንገሩ እንከለው ንቤተሰባ ወን ተነጊሮም።

ታሪኽ ናይ ኩሎም ስውኣትና ክዝከርን ኣብ ሓወልቲ ክሰፍርን ብማዕረ ክኽብሩን ግደ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ እዩ። እንተኾነ ግን ልዕሊ ፍርቂ ናይዞም ብጉቡእ ኣስማቶም ተነጊሩ ዘሎ ዘይተዘከሩ ከምዘለዉ ፍሉጥ እዩ። በብወገና ካብዘሎዎ ደሊና ኣብ መዝገብ ስውእት ክነስፍሮ ሓደራ ይብል።

ዝኽርን ሞጎስን ንኹሎም ሱውኣትና
ሕድሪ ስውኣትና ፍትሕን ሕግን ሰላምን ራህዋን ዲሞክራስን ዝሰፈና ኤርትራ ክትኮወን እዩ እሞ ንሕድሮም ንኽነተግብር ቃልስና ነበርትዕ።

ትኩእ ተስፋይ

tuku_br@yahoo.com